

# ኣገደስቲ ናይ መጕዓዝያ ሕግታት ነቶም ብሽክለታ ኣብ ጀርመን ዝዘውሩ


- ኣብዚ ተዳልዩ ዘሎ ጽሑፍ እቲ ኣድላዪ ዝተባህለ ናይ ትራፊክ መጕዓዝያ ሕግታት ብሙሉኡ ዘጠቓልል ኣይኮነን።.
- እዚ ኣብዚ ተዋሂቡ ዘሎ መግለጽ ብመደብ ቀሊል መግለጺ ንኽኽውን ተወሲኑ ምኽንያቱ እዚ ጽሑፍ እዚ ንዓበይቲ ጥራሕ ዘይኮነ ንቖልዑት እውን ክኸውን ተባሂሉ ዝተዳለወ ጽሑፍ ስለዝኾነ ኢዩ።.
- ካብተን እቶም ዝበዝሑ ስደተኛታት ዝመጹለን ሃገራት፤ ናተን ትሕቲ ቕርጺ ብዝምልከት ይኹን ናይ መጕዓዝያ ትራፊክ ኹነታት ምስ ናይ ጀርመን ክወዳደር ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ፣ ነዚ ኣብ ጀርመን ዘሎ ናይ ትራፊክ ሕግታት ንኽግለጸሎም ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።.ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ሓደገኛ ኹነታት ከምኡ'ውን ናይ ትራፊክ ሓደጋ ከየጋጥም መከላኸሊ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል። .






# Die wichtigsten Verkehrsregeln für Fahrrad-Fahrer in Deutschland



- Es handelt sich hier um keine abschließende Aufzählung der notwendigen Verkehrsregeln.
- Die Erklärungen sind bewusst sprachlich einfach gehalten, da sie nicht nur für Erwachsene sondern auch für Kinder gedacht sind, die einfache Erklärungen benötigen .
- Viele Flüchtlinge stammen aus Ländern, deren Infrastruktur und Verkehrsaufkommen nicht mit Deutschland vergleichbar sind. Aus diesem Grund ist es wichtig, ihnen die in Deutschland geltenden Verkehrsregeln zu erklären. So können unter Umständen gefährliche Situationen oder sogar Unfälle verhindert werden.


ቋንቋ: ትግርኛ / Sprache: Tigrinya


| | |
|---|---|
| ኣብ ጀርመን ናይ ብሽክለታ ተሪር ዝኾነ ቆቢዕ ንኽትገብር ኣይትግደድን ኢኻ። እንተኾነ ግን ናይ ብሽክለታ ቆቢዕ ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ሓደጋ ምስዘጋጥመካ ርእስኻ ካብ ማህረምቲ ክኸላኸለልካ ይኽእል ኢዩ።<br>ሓደጋ ምስዘጋጥም እቲ ዝኸፍኤ ኣብ ነብስኻ ክወርደካ ዝኽእል ጉድኣት ናይ ርእሲ ማህረምቲ ኢዩ።<br>ስለዝኾነ ድማ ብብሽኽለታ ጌርካ ኣብ እትጓዓዘሉ ጊዜ ብዝበለጸ ናይ ብሽክለታ ቆቢዕ ጌርካ ምስእትጓዓዝ ዝበለጸ ኢዩ። |  |
| ኣብ ነፍስ ወከፍ ብሽክለታ ፍሬኖ (2) ከምኡ'ውን መብራህቲ (1, 4) ጽቡቕ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ።<br>ነፍስ ወከፍ ብሽክለታ ዘንጸባርቕ ነገር (Reflektoren) ኣብ ቅድሚትን ድሕሪትን (5)፣ ክልተ ኣብቲ መንኮርኮር (ብጎኒ) (6) ክልተ ድማ ኣብቲ ፔዳል (7) ክህልው ኣለዎ።<br>ከምኡ'ውን እቲ ቃጭል (3) ጽቡቕ ክሰርሕ ኣለዎ። |  |
| ጸልማት ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ወይ ክጽልምት እብ ዝጅምረሉ ጊዜ፣ እቲ ናይታ ብሽክለታ መብራህቲ ክውላዕ ኣለዎ።<br>መብራህቲ ምስዝውላዕ እነ ጽቡቅ ጌረ ክርእይ ይኽእል ብተወሳኺ'ውን እቶም ካልኦት ንዓይ ጽቡቅ ጌሮም ክርእዩኒ ይኽእሉ ኢዮም።<br>ብዝተኻእለ መጠን ብሽክለታ ኣብ እትዝውረሉ ጊዜ ሃሳስ ሕብሪ ዘለዎ ክዳን ወይ ኣንጸባራቒ ነገር ዘለዎ ክዳን እንተተኸድንካ ዝበለጸ ኢዩ። | |
| ኣብቲ መጽዓኒ ናይ ብሽክለታ ፎኪስ ዝኾነ ነገር (ስጋብ 25 ኪሎ ዝኽብደቱ) ጥራሕ ኢዩ ክትጽዕን ዝፍቀድ። እቲ እንጽዕኖ ኣቕሓ ድማ ምእንትን ከይወድቕ ጽቡቕ ጌርካ ኣሲርና ከተትሕዞ ኣለካ።<br><br>ኣብቲ ናይ ኣቑሑት መጽዓኒ ዝኾነ ሰብ ክትጽዕን ኣይፍቀድን ኢዩ። ግን እታ ብሽኽለታ ናይ ቆልዑት ኮፍ መበሊ እንድሕር ኣለዋ ኮይኑ ስጋብ 7 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ኮፍ ኣቢልካ ክትማላእ ትኽእል። እቲ እትማልኦ ቆልዓ ድማ ኣብቲ ናይ ብሽክለታ ናይ ቆልዑት ኮፍ መበሊ ብደንቢ ክእሰር ኣለዎ። | <br> |
| **ካብ 8 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ቆልዑት ብብሽክለታ ክጓዓዙ ከለዉ በቲ ናይ ሰብ ኣጋር መንገዲ ከጎዓዙ ኣለዎም።** | |

ኣዳላዊ: ፎልከር ዛንተስ፣ ናይ ፖሊስ በዓል ስልጣን ኣብ ቢትቡርግ/ ናይ መጕዓዝያ ውሕስነት ሓባሪ

| | |
|---|---|
| እቶም ዕድሚኦም ካብ 8 ስጋብ 10 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ድማ ወይ በቲ ጽርግያ ወይ ድማ በቲ ናይ ሰብ ኣጋር መንገዲ ንኽኸዱ ክመርጹ ይኽእሉ ኢዮም።<br>ዕድሚኦም ካብ 10 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ድማ ኣብ ጽርግያ ክጐዓዙ ኣለዎም።<br>እንተኾነ ግን ብሽክለታኻ ሒዝካ በቲ ናይ ኣጋር መንገዲ እንዳደፋእካያ ንኽትከይድ ይፍቀድ ኢዩ። | |
| ሓደ ሰማያዊ ዝሕብሩ ከቢብ ናይ መጎዓዝያ ምልክት፣ ኣብ ማእኸሉ ድማ ሓደ ጻዕዳ ሕብሪ ዝኾነ ናይ ብሽክለታ ስእሊ ዘለዎ ምስእትርኢ. ትርጉሙ እቲ ከምዚ ዓይነት ምልክት ዘለዎ ናይ ብሽክለታ መንገዲ ጥራሕ ሒዝካ ክትጐዓዝ ግዴታ ከምዘለካ የመልክት። እቲ ዘለካ ናይ ምንዓዝ ግዴታ ድማ ናብቲ እቲ ናይ መጐዓዝያ ምልክት ዘለዎ ኣቕጣጫ ጥራሕ ኢዩ። |  |
| ሓደ ሰማያዊ ዝሕብሩ ከቢብ ናይ መጎዓዝያ ምልክት፣ ኣብ ማእኸሉ ድማ ጥውይ ዝበለ ናይ ኩናት ምልክት ዘለዎ ምልክት ምስእትርኢ. ትርጉሙ እቲ ጉዕዞኻ ናብቲ እቲ ኹናት ዘርእዮ ዘሎ ኣቕጣጫ ወገን ጥራሕ ክትጐዝ ከምዘለካ የመልክት።<br>ናብቲ ካልእ ኣቕጣጫ ክትጐዓዝ ኣይፍቀድን ኢዩ። |  |
| እዚ ናይ መጎዓዝያ ምልክት "ምእታው ክልክል ኢዩ" ዝብል ኮይኑ ትርጉሙ ድማ በዚ ጽርግያ እዚ ከምኡ'ውን በዚ ኣቕጣጫ እዚ ንኽትጐዓዝ ኩልኩል ምዃኑ ኢዩ ዝገልጽ።<br>ነታ ብሽክለታ ሕዝካ እንዳደፋእካያ ንኽትከይድ ግን ይፍቀድ ኢዩ።<br><br>እንተኾነ ግን ተወሳኺ "ብሽክለታ ናጻ" ዝብል ናይ መጎዓዝያ ምልክት እንተለዎ ኮይኑ በቲ የማናይ ወገን ናይቲ ጽርግያ ብብሽክለታ ንኽትጓዓዝ ይፍቀድ ኢዩ። | <br><br> |
| እዚ "ንኹሉ ዓይነት መጐዓዝያ ክልኩል ኢዩ" ዝብል ናይ መጎዓዝያ ምልክት ትርጉሙ በዚ ጽርግያ ዋላ ብብሽክለታ ጌርካ ንኽትጓዓዝ ክልኩል ምዃኑ ይሕብር።<br>ነታ ብሽክለታ ሕዝካ እንዳደፋእካያ ንኽትከይድ ግን ይፍቀድ ኢዩ።<br>እንተኾነ ግን ተወሳኺ "ብሽክለታ ናጻ" ዝብል ናይ መጎዓዝያ ምልክት እንተለዎ ኮይኑ በቲ የማናይ ወገን ናይቲ ጽርግያ ብብሽክለታ ንኽትጓዓዝ ይፍቀድ ኢዩ። | <br><br> |


| | |
|---|---|
| እዚ "ንብሽክለታታት ክልኩል ኢዩ" ዝብል ናይ መጎዓዝያ ምልክት ትርጉሙ ኣብዚ ጽርግያ ብብሽክለታ ንኽትጓዓዝ ክልኩል ምዃኑ ይሕብር። እንተኾነ ግን ብሽክለታኻ ሒዝካ በቲ ናይ ኣጋር መንገዲ እንዳደፋእካያ ንኽትከይድ ይፍቀድ ኢዩ። |  |
| እዚ ናይ መጎዓዝያ ምልክት "ናብ ሓደ ኣቅጣጫ ጥራሕ ዝወስድ መንገዲ" ዝብል ትርጉሙ ኣብዚ ጽርግያ እዚ ብቅድሚት ማለት በቲ ኣንጻር መንገዲ ናባይ ገጹ እትመጽእ ካልእ ተሽከራካሪ መጕዓዝያ ከምዘየለ ይሕብር። እንተኾነ ግን ናይ ግድነት በቲ የማናይ ወገን ናይቲ ጽርግያ ክትጓዓዝ ኣሎካ። |   |
| ኣብ ዓበይቲ ጐደናታትን ናይ ማካይን ጽርግያታትን ብብሽክለታ ጌርካ ምጉዓዝ ክልኩል ኢዩ።<br>ብሽክለታ ሒዝካ እንዳደፋእካያ በቲ ወሰን ናይቲ ጽርግያ ምኻድ እውን እንተኾነ ኣይፍቀድን ኢዩ።. |  |
| ናብ ሓደ ሜዳ ወይ ናብ ሓደ ናይ ማካይን ደው መበሊ ቦታ (ፓርክ) ክሰግር እንተ ደልየ፣ ቅድም ነተን ኣብ ጽርግያ ዝጐዓዛ ዘለዋ ማካይን ደው ኢሊ ክሕልፈን ኣሎኒ።<br>ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ ጸግዒ ናይቲ ጽርግያ ደው ክብል ኣሎኒ።<br>ድሕሪኡ መጀምርያ ናብ ጸጋም፣ ድሕሪኡ ናብ የማን፣ ድሕሪ'ኡ ድማ መሊሸ ናብ ጸጋም ክጥምት ኣሎኒ።<br>ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ጽርግያ እትጓዓዝ ካልእ ተሽከርካሪ መጐዓዝያ ዘየለ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጽኩ ድሕሪኡ ናብቲ ጽርግያ ሰጊረ ክጓዓዝ እኽእል። | |
| ብቐጻሊ ትኽ ዝበለ ሕንጻጽ ዘለዎ ጽርግያ እንተኾይኑ ነቲ ሕንጻጽ ሰጊረ ክጐዓዝ ኣይፍቀድን ኢዩ።<br>ኣብ ሓደ ናይ ጽርግያ መጥወዪ ወይ መስቀላዊ ጽርግያ ከምዚ ዓይነት ትኽ ዝበለ ሕንጻጽ ዘለዎ ጽርግያ እንተ ኾይኑ በዚ ጽርግያ እዚ ንኽትጥወይ ኣይፍቀድን ኢዩ። |  |
| እንተድኣ ናብ ካልእ ጽርግያ ክጥወይ ደልየ ብኢደይ ጌረ ምልክት ክህብ ኣሎኒ። እቲ ኢደይ ናብቲ ክጥወየሉ ዝደለኹ ኣቅጣጫ ዘርጊሔ ክጥወይ ከምዝደለኹ ምልክት ክህብ ኣሎኒ። |  |

| | |
|---|---|
| እንተድኣ ብሓደ ገደብ ዘለዎ ጽርግያ ይሓልፍ ኣለኹ ኮይነ መጀመርያ ንድሕሪት ገጸይ ክጥምት ኣሎኒ፣ ምኽንያቱ ምናልባት ካልእ ተሽከርካሪ መጕዓዝያ ንዓይ ቀዲማትኒ ክትሓልፍ ስለእትኽል።<br>ኣብ ከምዚ ኹነታት ናይ ኢድ ምልክት ናብ ጸጋም ወገን ዘርጊሔ ክመልክት ኣሎኒ፣ ምኽንያቱ እተን ብድሕረይ ዘለዋ ተሽከርከርቲ መጕኣዝያ ካብቲ ገደብ ናይ ጽርግያ ዘሎ ናብ ጸጋም ገጸይ ክጥወይ ከምዝኾንኩ ምእንትትን ክፈልጡ። እንተድኣ ሓንቲ ተሽከርካሪት መጕኣዝያ ብቕድሚት ናባይ ገጻ ትመጽእ ኣላ ኮይና፣ ኣነ ቅድሚ ካብቲ ዘሎ ገደብ ናይቲ ጽርግያ ሓሊፈ ዝጕዓዝ፣ ነታ ብቅድመይ ትመጽእ ዘላ ተሽከርካሪት መጕኣዝያ ኣቐዲመ ክሕልፉ ኣለኒ። |  |
| እንተድኣ ኣብ ሓደ ጸሊምን ጻዕዳን ሕንጻጻት (ዜብራ ሕንጻጻት) ዘለዎ ጽርጊያ በጺሔ ደው ክብል ኣሎኒ። ምኽንያቱ እንተድኣ ኣጋር ኣብቲ ወሰን ጽርግያ ደው ኢሎም ንኽሰግሩ ይጽበዩ ኣለዉ ኮይኖም፣ ቅድም ንዕዖም ክሕልፎም ኣሎኒ። | <br> |
| **እንተድኣ ኣብ ሓደ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ በጺሔ፣ መን ኣቐዲሙ ክጕዓዝ ከምዘለዎ ሕጋዊ ዝኾነ መምርሒ ኣሎ።** | |
| እንተድኣ ኣብቲ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ ዝኾነ ዓይነት ናይ መጕዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ምልክት ዘየለ ኮይኑ፣ ብመሰረቱ እቲ ኣገባብ "እቲ ብየማን ዝመጸ ቅድሚ እቲ ብጸጋም ዝመጸ" ንክሓልፍ የፍቅድ። ነተን ብየማናይ ወገን ንዝመጻኒ ተሽከርከርቲ መጕዓዝያ ናይ ግድነት ክሕልፈን ኣሎኒ። እተን ዝመጻ ተሽከርከርቲ መጕዓዝያ ናይ ምሕላፍ ቀዳምነት ኣለወን።<br>እንተኾነ ግን እተን በቲ ኣነ ዘለኽዎ ክረኤይ ከሎ ብጸጋም ወገን ዝመጻ ተሽከርከርቲ መጕዓዝያ ድማ ንዓይ ኣቐዲመን ክሕልፋኒ ኣለወን። ኣነ ናይ ምሕላፍ ቀዳምነት ኣሎኒ።<br>እንተኾነ ግን ምንም እኳ ኣነ ናይ ምሕላፍ ቀዳምነት ይሃልወኒ ድኣ እምበር፣ ኣነ ክብገስ ከለኹ እታ ከተሕልፈኒ ዘለዋ ተሽከርካሪት ናይ ብሓቂ ጠጠው ኢላ ከተሕልፈኒ ምኻና ምስኣረጋገጽኩ ጥራሕ ክብገስ ኣሎኒ። |  |


| | |
|---|---|
| እንተድኣ ኣብ ሓደ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ "ቀዳምካ ክትሓልፍ እትኽለሉ ጽርግያ" ዝብል ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ሰሌዳ ኣሎ ኮይኑ ኣነ ቅድሚ እተን ብጐኒ ዘለዋ ጽርግያታት፣ ብጸጋም ይኹን ብየማን ወገን ብዘየገድስ፣ ዝመጻ ተሽከርከርቲ መጐዓዝያ ቀዳመ ንኽሓልፍ መሰል ኣሎኒ።<br><br>ኣብ ከምዚ ዓይነት ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ምልክት ዘለዎ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ እንተኾይኑ እውን ቀዳመ ንኽሓልፍ መሰል ኣሎኒ ግን እዚ መሰል እዚ ስጋብ እቲ "ቀዳምካ ክትሓልፍ እትኽለሉ ጽርግያ" ዝብል ምልክት ዘልግሰሉ ቦታ ጥራሕ ኢዩ ዝገልግል። | <br> |
| እንተድኣ ኣብ ሓደ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ "ቀዳምካ ክትሓልፍ እትኽለሉ ጽርግያ ኣብ ቀጺሉ ዘሎ መስቀላዊ ጽርግያ ወይ መጥወዪ ኢዩ" ዝብል ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ሰሌዳ ኣሎ ኮይኑ ኣነ ቀዳመ ንኽሓልፍ መሰል ኣሎኒ።<br>እዚ ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ሰለዳ ግን ኣብታ ዝተወሰነት መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ጽርግያ ጥራሕ ኢዩ ዝገልግል። ኣብቲ ዝቕጽል መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ጽርግያ ካለእ ዓይነት ኣገባብ ጌርካ ትጓዓዘሉ ኩነታት ክጋጥም ይኽእል ኢዩ። |  |
| እንተድኣ ኣብ ሓደ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ "ንኻልእ ቅድሚያ ሃብ" ዝብል ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ሰሌዳ ኣሎ ኮይኑ ኣነ ነቲ ካብቲ ጽርግያ ብወገን ጸጋም ይኹን ብየማን ብዘየገድስ ንዝመጻ ተሽከርካርቲ መጐዓዝያ ክሕልፈን ኣሎኒ።<br>እንተኾነ ግን በቲ ተሽከርከርቲ መጽኤን ቀዳመን ክሓልፋሉ ዝኽእላሉ መንገዲ ወገን ዝመጻ ተሽከርከርቲ እንተዘየለዋ ጠጠው ክብል ኣይግደድን ኢየ። ቀጺለ ክጐዓዝ ድማ ይኽእል ኢየ። |  |
| እንተድኣ ኣብ ሓደ መስቀላዊ ወይ መጥወዪ ዝኾነ ጽርግያ "ደው በል -ንኻልእ ቅድሚያ ሃብ" (ከም ናይ ደው በል -ሰሌዳ ዝፍለጥ)ዝብል ናይ መጐዓዝያ ሓበሬታ ዝህብ ሰሌዳ ኣሎ ኮይኑ ነተን ብየማን ይኹን ብጸጋም ብዘየገድስ ንዝመጻ ተሽከርከርቲ መጐዓዝያ ክሕልፈን ኣሎኒ።<br>ከምኡ'ውን ዋላ እኳ በቲ ተሽከርከርቲ መጽኤን ቀዳመን ክሓልፋሉ ዝኽእላ መንገዲ ወገን ዝመጻ ተሽከርከርቲ እንተዘየለዋ መጀመርያ ናይ ግድነት ጠጠው ክብል ኣሎኒ። |  |

ኣብ ሓደ ከቢብ ናይ ጽርግያታት መራኸቢ ማእኸል እተን ቀዲምካ ናይ ምሕላፍ መሰል ዘለወን ተሽከርከርቲ ኣብቲ ከቢብ ጽርግያ ኣቐዲመን ዝኣተዋ ተሽከርከርቲ ኢየን። ስለዝኾነ ድማ እብቲ ናይቲ ከቢብ ጽርግያ መእተዊ "ንኻልእ ቅድሚያ ሃብ" ዝብል ሰሌዳ ኣሎ።






ኣብቲ ከቢብ ናይ ጽርግያታት መራኸቢ ማእኸል ድማ ብየማን ወገን ጥራሕ ኢዩ ናብኡ ክኣቱ ዝፍቐደኒ። ስለዚ ብኢደይ ጌረ ምልክት ምሃብ ኣየድልየንን ኢዩ።
እንተኾነ ግን ካብቲ ከቢብ ጽርግያ ኽወጽእ እንተኾይነ ግን ብየማን ኢድ ምልክት ክሀብ ኣሎኒ።



እንተድኣ ናብ ጸጋም ወገን ክጥወይ ደልየ መጀመርያ ናብቲ ድሕሪት ዘሎ ናይ ጸጋም ወገን ክጥምት ኣሎኒ፣ ምኽንያቱ ቀዲማ ሓሊፋትኒ እትኸይድ ተሽከርካሪት ምህላዋን ዘይምህላዋን ቅድም ከረጋግጽ ኣሎኒ። ድሕሪኡ ናይ ጸጋም ኢድ ምልክት ክሀብ ኣሎኒ፣ ምኽንያቱ ከምዚ ምልክት ብምሃብ ነተን ብድሕረይ ዘለዋ ተሽከርከርቲ ናብ ጸጋም ገጸይ ክጥወይ ከምዝኾንኩ ሓበሬታ ይሀብ ኣለኹ ማለት ኢዩ። ድሕሪኡ ናብቲ ማእከል ወገን ናይቲ ጽርግያ ክጐዓዝ ኣሎኒ። ከምኡ ምስገበርኩ ድሕሪኡ እተን ብድሕረይ ዝጐዓዛ ዘለዋ ተሽከርከርቲ ትኽ ኢለን ወይ ብየማነይ ወገን ሓሊፈን ክጐዓዛ ይኽእላ ማለት ኢዩ። ቅድሚ ናብ ጸጋም ወገን ምጥዋየይ እንደገና ካልኣይ ጊዜ ናብቲ ድሕሪት ዘሎ ናይ ጸጋም ወገን ክጥምት ኣሎኒ። ምኽንያቱ ናብ ጸጋም ምስዝጥወ ቀዲማ ሓሊፋትኒ እትኸይድ ተሽከርካሪት ምህላዋን ዘይምህላዋን ቅድም ከረጋግጽ ኣሎኒ።
እንተድኣ ተሽከርከርቲ ብቕድመይ ገጸን ይመጻ ኣለዋ፣ ቅድሚ ናብ ጸጋም ምጥዋየይ፣ ነተን ብኣንጻረይ ዝመጻ ዘለዋ ተሽከርከርቲ ኣቐዲመ ክሕልፈን ኣሎኒ።



እንተድኣ ኣብ ሓደ ናይ ትራፊክ መብራህቲ በጺሔ እዞም ዝስሕቡ ሕብርታት ከስተብሀል ኣሎኒ:
ቀይሕ መብራህቲ ትርጉሙ ደው ክብል ከምዘለኒ ኢዩ ዝሕብር።
ድሕሪ እቲ ቀይሕ መብራህቲ ስዒቡ ድማ ቀይሕን ብጫን መብራህቲ ብሓባር ይበርህ። ናይዚ ትርጉሙ ድማ ተበጊሰ ክጐዓዝ ከምዝኽእል ይሕብር። ቀጠልያ ሕብሪ እንድሕር በሪሁ ክጐዓዝ ከምዘለኒ ይሕብር። ድሕሪ እታ ቀጠልያ መብራህቲ ድማ እታ ብጫ መብራህቲ ንበይና ትበርህ። ናይዚ ትርጉሙ ድማ ደው ክብል ከምዘለኒ እሞ ድሕሪኡ ድማ እታ ቀያሕ መብራህቲ ክትበርህ ምኳና ይሕብር።

እዚ ኣገዳሲ ናይ መጉዓዝያ ኣገባብ ሕግታት ንብሽክለታ ዝዝውሩ ዝብል ጽሑፍ ብናይ መንእሰያት ጉጅለ ካብ ፕሩምዙላይ / ቤተ ክህነት ናይ ኢረል ብዝተገብረ ተበግሶ መሰረት ዝነቀለ ሓሳብ ኮይኑ ኣብቲ ንስደተኛታት ሓገዝ ንኽውዕል ተባሂሉ ዝተገብረ ናይ ብሽክልታታት ምእካብ ወፈራ፤ እቲ ብመሰረት ኣቶ ዛንተስ ኣብ ቢትቡርግ - ፕሩም ናይ መጉዓዝያ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን ዝተዳለው ኮይኑ ብዛፕ ሚድያ ኮምኒካስዮን ZappmediaCommunications ድማ ተተርጉሙ።
እዚ ጽሑፍ እዚ ኩሉ እቲ ዘድሊ ቕጥዕታት የማልእ ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን እንተኾነ ግን ነቶም ኣብ ጀርመን ዑቕባ ዝሓተቱ ከም ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንኽገልግል ብፍላይ ድማ ነቶም ካብ ከተማ ወጻኢ ዝነብሩ ስደተኛታት ኣብ ናይ ትራፊክ መጉዓዝያ ጽርግያታት ብዝምልከት ዝበለጸ ውሕስና ንኽረኽቡ ተባሂሉ ዝተዳለወ ጽሑፍ ኢዩ።
እቲ ናይ መንእሰያት ጉጅላ ናይ ፕሩምዙላይንኣቶ ዛንተስ ክብ ዝበለ ምስጋና የቕርብ። ከምኡ'ውን ንኹሎም ኣተርጎምትን ካልኦት ናይቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ዝብል ማሕበር ተሓባበርቲ ዝኾንኩም ክብ ዝበለ ምስጋና ነቕርብ። እቲ ናይዚ ጽሑፍ ናይ መተርጎምን ናይ መሕተምን ወጻኢታት ግንዘብ ድማ ካብቲ ናይ ትርየር ስበኻ ጉባኤ (ቢስቱም) ንስደተኛታት ተባሂሊ ዝተዋህበ ሓገዝ ተኸፊሉ።
እዚ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ መጽሓፍ ከም PDF-Datei ኣብዚ ዝሰዕብ ክርከብ ይከኣል www.willkommens-netz.de ዝተዳለወሉ ዕለት ነሓሰ 2015

willkommens-netz.de
Flüchtlingshilfe im Bistum Trier

Diese wichtigsten Verkehrsregeln für Fahrrad-Fahrer wurden auf Anregung der Firmgruppe aus Prümzurlay / Pfarrei Irrel - im Rahmen ihrer Fahrradsammlung für Flüchtlinge – durch Herrn Zanters von der Verkehrswacht Bitburg-Prüm erstellt und durch ZappmediaCommunications übersetzt.
Sie stellen nicht den Anspruch auf Vollständigkeit sondern dienen nur zur groben Anleitung, um als Asylbegehrende/r in Deutschland, besonders im ländlichen Raum, etwas mehr Sicherheit im Straßenverkehr zu erwerben.

Die FirmgruppePrümzurlay bedankt sich bei HerrnZanters, bei allen ÜbersetzerInnenund beim Willkommensnetzfür die gute Zusammenarbeit.
Die Übersetzungskosten und der Druck dieser Broschüre wurden durch Mittel aus dem Flüchtlingsfond des Bistums Trier finanziert.
Die Broschüresteht als PDF-Datei zum Download bei www.willkommens-netz.de bereit.Erstellt im August 2015